# ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ

## ብግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ
## ዝሕተም

ቅጺ 1/1991 ቍ. 2

| ዕለት | ወርሒ | ዓ.ም. | ዋጋ |
| --- | --- | --- | --- |
| 20 | ሕዳር | 1991 | 5 ብር |

# ኣዋጅ ቍ. 14/1991

## ንመሰጋገሪ ሕጊ ገበናዊ ስርዓት ኤርትራ ንምምሕያሽ ዝወጸ ኣዋጅ

1. ሓጺር ኣርእስቲ

እዚ ኣዋጅ'ዚ "ብኣዋጅ ቍጽሪ 5/1991 ንዝወጸ ኣዋጅ መሰጋገሪ ሕጊ ገበናዊ ስርዓት ኤርትራ ንምምሕያሽ ዝወጸ ኣዋጅ ቍጽሪ 14/1991" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል ።

2. ምምሕያሽ

ኣብ ራብዓይ መጽሓፍ ፣ ምዕራፍ 3 ፣ ኣብ ዓንቀጽ 109 (4) ዝተገብረ ምምሕያሽ ብኸምዚ ዝስዕብ ተማሓይሹ ይስርሓሉ ፦— "ዓንቀጽ 109 (4) ነቲ ክሱስ ፣ ብንጹ ብዘይገለ ክፍሊት ፣ ቅዳሕ ናይ ነፍሲ ወከፍ ክሲ ምስ ዝርዝር ኣርእስታዊ ናይ መርትዖ መግለጺኡ ይወሃቦ ።"

3. ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ

እዚ ኣዋጅ'ዚ ካብ ሕዳር 6 ፣ 1991 ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ይውዕል።

ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ

---

# ኣዋጅ ቍጽሪ 15/1991

## ንኣዋጅ 8/1991 መሰጋገሪ ሕጊ ዕዮ ኤርትራ ንምምሕያሽ ዝወጸ ኣዋጅ

1. ሓጺር ኣርእስቲ

እዚ ኣዋጅ'ዚ "ንመሰጋገሪ ሕጊ ዕዮ ኤርትራ ኣዋጅ ቁ.8/1991 ንምምሕያሽ ዝወጸ ኣዋጅ ቍጽሪ 15/1991" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል ።

2. ምምሕያሽ

ኣዋጅ ቍጽሪ 8/1991 በዚ ዝቕጽል ይመሓየሽ :—

(1) ንኡስ ዓንቀጽ 1 ናይ ዓንቀጽ 45 ተሰሪዙ በዚ ዝቕጽል ይትካእ :—

"1. ሓደ ሰራሕተኛ ኣብ ዓመት ካብ ሽውዓተ መዓልታት ዘይበዝሕ ደሞዝ ዝኸፈሎ ናይ ሓዘን ፍቓድ ይወሃቦ ።"

(2) ንኡስ ዓንቀጽ 3 ናይ ዓንቀጽ 98 ተሰሪዙ በዚ ዝቕጽል ይትካእ :—

"3. ክፍሊ ዕዮን ማሕበራዊ ጉዳይን ብዛዕባ ናይ ስራሕ ክርክር ብዝኾነ ወገን ጥርዓን ምስ ቀረበሉ ባዕሉ ሽምጊሉ ውሳኔ ይህበሉ ።"

(3) ንኡስ ዓንቀጽ 5 ናይ ዓንቀጽ 98 ስሩዝ ይኸውን ።

(4) እዚ ዝቕጽል ከኣ ንኡስ ዓንቀጽ 5 ተባሂሉ ኣብ ዓንቀጽ 98 ይውሰኽ :—

"5. ክፍሊ ዕዮን ማሕበራዊ ጉዳይን ኣድላዪ ኾይኑ ምስ ዝረኸቦ መሰኻኽር ክጽውዕ ወይ መርትዖታት ተኸራኸርቲ ወገናት ንኸቕርቡ ክሓትት ስልጣን ኣለዎ ።"

(5) እዚ ዝቕጽል ንኡስ ዓንቀጽ 6 ተባሂሉ ኣብ ዓንቀጽ 98 ይውሰኽ :—

"6. ብኽፍሊ ዕዮን ማሕበራዊ ጉዳይን መጸዋዕታ ተላኢኹሉ ዘይቀረበ ሰብ ብትእዛዝ ክ/ዕዮን ማሕበራዊ ጉዳይን ብፖሊስ ተገዲዱ ይቐርብ ።"

(6) ዓንቀጽ 99 ተሰሪዙ በዚ ዝቕጽል ይትካእ :—

"ዓንቀጽ 99 - ቅጥዒ ሽምግልና

2.4ን 2.5ን 98 (5)ን 98 (6) መመሓየሺ ኣዋጅን ኣብ ዓንቀጽ 103 (3) ኣዋጅ ቍጽሪ 8/1991 ናይ ይግባኝ ገደብ ግዜን ዝተሓለው ኮይኖም ሽምግልና ሲቪላዊ ስርዓት ዓንቀጽ 315 ክሳብ 319 ከምኡ'እውን ዓንቀጽ 350 ክሳብ 357 ዝተኸተለ ይኸውን ።"

(7) እዞም ዝቕጽሉ ንኡሳን ዓናቕጽ ኣብ ዓንቀጽ 103 ይውሰኹ :—

"4. ብኽፍሊ ዕዮን ማሕበራዊ ጉዳይን ወይ ብኻልእ ሽምግልና ንዝተዋህበ ንናይ ውልቃዊ ናይ ስራሕ

ክርክር ዝምልከት ውሳኔ ብናይ ቦታ ስልጣን ዘለዎ ወረዳ ቤ/ፍርዲ ይፍጸም ።

(8) ብኽፍሊ ዕዮን ማሕበራዊ ጉዳይን ወይ ብኻልእ ሽም ግልና ዝተዋህበ ንናይ ሓባራዊ ናይ ስራሕ ክርክር ዝምልከት ውሳኔ ብናይ ቦታ ስልጣን ዘለዎ አውራጃ ቤ/ፍርዲ ይፍጸም ።

3. አብ ግብሪ ዝውዕለሉ

እዚ አዋጅ'ዚ ካብ ሕዳር 6፡ 1991 ዓ.ም. ጀሚሩ አብ ግብሪ ይውዕል ።

ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ

---

# ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 1/1991

## አቃወማን አካይዳን ዘይመንግስታዊ አብያተ - ትምህርቲ ንምውሳንን ንምክትታልን ዝወጸ ሕጋጋት ፡

1. ዘውጽኦ በዓል መዚ

ክፍሊ ትምህርቲ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ነዚ ሕጋጋት'ዚ አውጺኡ አሎ ።

2. ሓጺር አርእስቲ

እዚ ሕጋጋት'ዚ "አቃውማን አካይዳን ዘይመንግስታዊ አብ ያተ - ትምህርቲ ንምውሳንን ንምክትታልን ዝወጸ ሕጋጋት ቍጽሪ 1/1991 ዓ.ም." ተባሂሉ ይጥቀስ ።

3. ት ር ጉ ም

(1) "ክፍሊ ትምህርቲ"፡ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ትምህ